**Original source**: https://www.canada.ca/en/department-finance/news/2020/03/introduces-canada-emergency-response-benefit-to-help-workers-and-businesses.html

**Last Updated: March 25, 2020**

# ካናዳ ናይ ህጹጽ ግዜ ሓገዝ

# CANADA EMERGENCY RESPONSE BENEFIT(CERB)-MARCH 25,2020, OTTAWA, ONTARIO-DEPARTMENT OF FINANCE, CANADA.

መንግስቲ ካናዳ ካብ ጽልዋ ናይዚ ዓለምለኻዊ ለበዳዊ ሕማም ኮሮና ቫይረስ(COVID-19): ንዜጋታቱን ንቑጠባዊ ጽልዉኡን ንምክልኻል ቁልቱፍ፤ ሓያልን ዉጽኢታውን ስጉምትታ ኣብ ምዉሳድ ይርከብ።

ዝኮነ ንቤተሰቡ ኣድላዪ ነገራት ንምቕራብ ጥዕናኡ ኣብ ሓደጋ ምዉዳቕ ንኸይመርጽ፤ ንቤተሰቡ ዘቕርቦ መግቢ፥ ንመድሃኒት ዝኸፈል፤ ንቤተሰቡ ንምክንኻንን፤ ንጥዕናይ ኣየናይ ክመርጽ ኢሉ ምጭናቕ የብሉን።

ንሰራሕተኛታት ንምሕጋዝን ንግድቤት ሰራሕተኛታት ንኸየዉጽኡን ንምድጋፍ መንግስቲ ካናዳ ናይ ህጹጽ እዋን ሓገዝን ጥቕምን ክገብር ወሲኑ ኣሎ።

*CANADA EMERGENCY RESPONSE BENEFIT (CERB)*

እዚ ሓገዝ (CERB) ነቶም ብምኽንያት ለበዳዊ ሕማም (COVID-19) ተጸሊዮም ካብ ስራሕ ደው ዝበሉ ሰራሕተኛታት ንኣስታት ኣርባዕተ ወርሓት $2000 ዶላር ንወርሒ የዉህብ።

እዚ ኣሰራርሓ ካብቲ ናይ ቀደም ዝተኣወጀ ሓገዛት ብዝቐለለን ብዝሓሸን ኣሰራርሓ ተዳልዩ ኣሎ።

እዚ ሓገዝ እዚ (CERB) ነቶም ብሰንኪ ለበዳዊ ሕማም COVID-19 ካብ ስራሕ ደው ዝበሉ፤ ዝሓመሙ፤ ዝተወሸቡ፤ ከምኡ ዉን በዚ ሕማም ኮቪድ 19 ንዝተለኸፉ ኣብ ምእላይ ዝርከቡ፤ ከምኡ ዉን ንሰራሕተኛታት ወለዲ ብሰንኪ ዝሓመመ ዉሉዶም ንምእላይ ብዘይክፍሊት ኣብ ገዛ ክዉዕሉ ዝተገደዱ; ብሰንኪ ምዕጻው መዋእለ ህጻናትን ቤት፡ትምህርትን ደቆም ንምእላይ ብዘይክፍሊት ኣብ ገዛ ንክዉዕሉ ዝተገደዱ ሰራሕተኛታትን የጠቓልል።

እዚ ጥቕሚ (CERB) ናይ ሰራሕተኛ ዉሕስነት ክፍሊት (EI) ንዘይምልከቶም ናይ ወርሓዊ ደሞዝተኛታት፤ ናይ ኮንትራት ሰራሕተኛታት፤ ብግሎም ናይ ዝሰርሑ ዉልቀሰባት የጠቓልል።

ብተወሳኺ ሰራሕተኛታት ክሳብ ሕጂ ተቖጺሮም ዘለዉ፤ ግና ብሰንኪ እዚ ሕማም COVID-19; ዘምጸኦ ምዝባዕ ሃዋሁ ናይ ስርሖም ክፍሊት ዘይመጾም ዉን ነዚ ጥቅሚ (CERB) ተኻፈልቲ ኢዮም። ኢዚ ናይ ንግዲ ድርጅታት ሰራሕተኛታቶም ንኽሕዙ ይሕግዝ።

ናይ ሰራሕተኛ ዉሕስነት ኽፍሊት(EI) ብሉዑል ቁጽሪ ዘለዎም ኣመልከቲ ንምትእንጋድ ዘኽእል ቅጺ ስለ ዘየለ፤ ኩሉኹም ብሕማም ኮሮና ቫይረስ ምኽንያት ካብ ስራሕ ዝተማዛበልኩም ኩሉኩም ኣብዚ ጥቕሚ እቱዋት ኢኹም።

ናይ ስራሕ ዉህስነት ክፍሊት (EI) ከምኡዉን ንዝሓመሙ ዝወሃብ ጥቕሚ ብስሩዕ ክትወስዱ ዝጸናሕኩም፤ ነዚ (CERB) ጥቕሚ ኣይምልከተኩምን፤ ብኡ ምቕጻል ኣለኩም።

ናይ ሰራሕተኛ ዉሕስነት(EI) ኽፍሊትኩም ቅድሚ ጥቅምቲ3, 2020 ዘብቅዕ እንተኾይኑ ግና፤ ናይ ስራሕ ዉሕስነት (EI) ክፍሊት ደው ምስ በለ ነዚ ሓድሽ ጥቕሚ (CERB) ምሕታት ይከኣል።

መንግስቲ ካናዳ ገንዘብ ኣብ ጁባ ዜጋታቱ ብዝቐልተፈ ንምብጻሕ ኣብ ስራሕ ኢዩ ዘሎ። እዚ ጥቅሚ ካብ ወርሒ ሚያዝያ 2020 ምጥቃም ይከኣል።

ናይ ስራሕ ዉሕስነት (EMPLOYMENT INSURANCE) ክፍሊት ምርካብ ንትኽእሉ ግን ናይ (EI) here, ምምልካት ትኽእሉ።

እዚ ጥቕሚ  (CERB) ንምርካብ ንዘመልከቱ ኣብ ዉሽቲ ዓሰርተ መዓልታት ካብ ዘመልከተሉ ክመጾም ይኽእል። እዚ ጥቕሚ እዚ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ሰሙን ዝወሃብ ኮይኑ፤ ካብ መጋቢት 15,2020 ክሳብ ጥቅምቲ 3, 2020 ኢዩ።

ፈደራል መንግስቲ ካናዳ ንካናዳውያን ናይ 27 ቢሊዮን ዶላር ሓገዝ ከምገበረ ናይ ገንዘብ ሚኒስተር ኣቶ ቢል ሞንሮ ኣፍሊጦም።

ሚኒስተር “ብዝተኻእለና ኲሉ” ንህዝብና ናይ ገንዘባዉን ጥዕናዉን ድጋፍ ክንገብር “ዝተኻእለና ኲሉ” ክንገብር ኢና ኢሉ።